# ኣብ ባሕሪ ንዝጠፍኡን ንዝሞቱን፡ ንቤተሰብን ንዝሕግዝዎም ማሕበራትን መምርሒ

ኣብ ዓዲ ጥልያንን ኣብ ማእከል ሜዲተራንያንን

Boats 4 People

www.boats4people.org
contact@boats4people.org

Fondation de France

THE FUND FOR GLOBAL HUMAN RIGHTS

FONDATION un monde par tous

uepal

ብተገዳስነት ናይ
Boats 4 People

ብምምሕድዳር
La Cimade
ኣቕረብቲ
La Cimade, Fasti, Gisti
et Migreurop
ትርጉም
ሙሴ ወሰን ተሠማ
(Musie Wosen Tessema)
ግራፊክ
Bureau 205
ዝተሓተመሉ
ሓምለ 2017
Imprimerie
de la Centrale
62302 Lens

ብደገፍ ናይ
Fondation de France Fonds
pour les droits humains
mondiaux (FDHM)
Fondation un monde
par tous
Union des Églises
protestantes d'Alsace
Lorraine (UEPAL)

ሕጋዊ ዝኸሰ
ሓምለ 2017
ISBN
978-2-900595-40-4



# ሓበሬታ

**መእተዊ** 4
ክግበር ዝከኣል፡ ከከም ኩነታቱ 6

**እቲ ብቑልጡፍ ክግበር ዝግብኦ** 8
ብዝተኸኣለ መጠን ቀልጢፍኩም ሓብሬታታት ምእካብ 9
ምስ ቀይሕ መስቀል፣ ፍርቂ ቀያሕ ወርሒ ወይ ዓለም
ለኻዊ ኣባላት ቀይሕመስቀል ተራኸቡ 12
ናብ ክሕግዙ ዝኽእሉ ትካላት ናይ ጥልያን ብምኻድ ተወከሱ 13

**ኣሰራርሓ ናይ ዝሞቱ ምልላይን ሬስኦም ምስዳድን** 15
ሕቶን ምልላይ ናይ ዝሞቱ ሰባትን 15
ኣብ ግዜ ምልላይ መንነት፡ብወገን ቤተሰብ ክግበር ዘለዎ ስራሕ 18
ናይቲ ዝሞተ መረጋገጺ ምስዝርከብ፡ ዝተቐበረሉ ቦታ ምድላይ 18
ናይ ዝሞቱ ሬሳታት ናብ ሃገሮም ምምላስ 19

**መራኸብታት** 22
**ሕጋዊ ሓበሬታ** 26

Boats 4 People（B4P）ማለት 2011ብባሕሪ ንዝመጹ ስደተኛታት መሰል ንምቅላስ ዝተጠርነፈ ኢንተርናሽናል ማሕበር እዩ። ብ2012 ንመጀመርያ ግዜ ባርካታት（ጃልባታት） ብምድላው ካብ ዓዲ ጥልያን ንቱኒዝያ ብሙቑራጽ ኣብ ባሕሪ ሜዲተራንያን ንዝጠፍኡ ናይ ኣሽሓት ሕይወት ዘኪሮም ፡ ከምቲ ሕጊ ዘጽደቖ ኤውሮ - ኣፍሪካውያን ኣብ ባሕሪ ንዘጋጥም ጸገም ሕይወት ሰባት ከድሕኑን ሓገዞም ከጠናክሩን ኣዘኻኺሮም።

**ናይ B4P ጠርነፍቲ ወይ ኣባላት ዝኾኑ ማሕበራት፤**
Arci (Associazione ricreativa culturale italiana)
AME (Association malienne des expulsés)
Aracem (Association des refoulés d'Afrique centrale au Mali)
Fasti (Fédération des associations de solidarité avec tou-te-s les immigré-e-s, France)
FIDH (Fédération internationale des droits de l'homme)
FTDES (Forum tunisien pour les droits économiques et sociaux)
Gadem (Groupe antiraciste d'accompagnement et de défense des étrangers et migrants, Maroc)
Gisti (Groupe d'information et de soutien aux immigré·e·s, France)
La Cimade (France)
LTDH (Ligue tunisienne des droits de l'homme)
Migreurop (Réseau euro-africain)

# መእተዊ

ኣብ ባሕሪ ንዝጠፍኡ ኡን
ንዝሞቱን ንቤተሰቦም ንዝሕግዝ
ማሕበራትን መምርሒ
ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣብ ማእከል ሜዲተራንያን

## ናይዚ ሰነድ ትሕዝቶን መግለጽን

- እዚ ሰነድ ዝተጸሓፈሉ ንስድራ ብባሕሪ ሜዲተርንያን ኣቛሪጹ ናብ ዓዲ ጥልያን ክኣቱ ዝጠፍአ ወይ ነቶም ንኽዳልይዎም ዝሕግዝዎም ሰባት ወይ ማሕበራት ዝተዳለወ እዩ።
- ንዝጠፍአ ሰብ ንምድላይ ዝካየድ ጻዕሪ ቀሊል ኣይኮነን። ዝኾነ ሓበሬታ ኣገዳሲ እዩ።

> “ኩሉ ቤተሰብ ህላወ ናይ ዝጠፊኦ ቤተሰቡ እንተዘይፈሊጡ ኩሉ ግዜ ኣብ ጭንቀትን ሓሳብን ይርከብ (. . .) ክሳብ መርጋገጺ ዘይረኸበ ድማ እቲ ዝጥፈአ ቤተሰብ ብህይወት የለን ኢሉ ክቐብጽ ኣይክእልን። ሃለዋ ቤተሰቡ ዘይምፍላጥ ድማ ዓቢ ጭንቀት ይፈጥረሉ። (. . .) እቲ ጠፊኡ ዝበሃል ቤተሰብ ዋላ እኳ ብህይወት እንተዘይሃለወ፡ እቲ ብኽብሪ ቀብሪ ዘይምፍዳምን ኣብ ቀብሩ ዘይምልቃስን ነቲ ቤተሰብ ዝገደደ ከቢድ ሓዘን ይፈጥረሉ”።

ካብ ፓስካል ሃንት ዝጸሓፎ ዝተረኸበ (Pascal Hundt)

«ናይ ጠፊኦም ንዝበሃሉ ሰባት ቤተሰብ ሓበሬታ ምሃብ። መምርሒ» ናይ ቀይሕ መስቀል ዓለም ለኻዊ ኮሚቴ (ICRC) ሚያዝያ 2015

- እዚ ጉዳይ ንጥልያን ዝምልከት፡ እታ ጃልባ ዝጠለቐትሉ ኣብ ናይ ጥልያን ቦታ እንድሕር ኮይኑ ጥራሕ እዩ፡ ወይ ድማ ኢ.ታ ጃልባ ክትመጽእ ከላ ዝረኣየዋ ወይ ሓገዝ ዝገበሩላ ንሓገዝ ዝተዳለዋ ናይ ጥልያን መራኽብ ምስ ዝኾና እዩ።
- እዚ ሰነድዚ ሓደ ከም መምርሒ ኾይኑ፡ ግልጺ ዝኾነ ኣሰራርሓ ምስዘይህሉ፡ ነቲ ቤተሰብ እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ሓበሬታ ይህብ። ንኹሉ ዓይነት ጸገማት መፍትሒ ክረኽበሉ ኣይጽበን። ንምንታይ ናይ ዝበዝሕ ቤተሰብ ዝተጀመረ ጉዳያት እቲ ዝድለ ውጺት ስለ ዘይተረኸበሉ።
- ብኽምዚ ቤተሰቦም ንምድላይ ንዝጅምሩ ቤተሰብ ብሞራል ይኹን ኣብ ማሕበራዊ ሕይወት ዓቢ ሓገዝን ምትሕብባርን ክግበረሎም ይግባእ። እንተኾነ ግን ነዚ ዝኸውን ክሳብ ሕጂ ብመደብ ዝተዳለወ ነገር የለን።

ኣብዚ ሰነድ ተጻሒፉ ዘሎ ሓበሬታታት ወይ ኢንፎርሜሽን ኣብ ዓዲ ጥልያን ካብ ዝተኻየደ ውጽኢት ናይ ክልተ መደባት ናይ 2015 ን 2016 እዩ። ብዘይ መጽናዕቲ ናይዞም ማሕበራት ወይ ብድልየቶም ዘገልግሉ ዉፉያት፣ ኣብ ምድላይ ዝተዋፈሩ ሰብ ሞያን ኪኢላታትን እዚ ሰነድ ወይ ዶኩመንት ንምድላው ኣይመበቕዓን። ብተወሳኺ B4P ነዚ *Mediterranean Missing* ዝብል ፕሮጀክት ኣዳልዩ[1]።

1. mediterraneanmissing.eu

## ፍልልይ ናይ ዘጋጥሙ ኩነታት

ሓደ ሰብ ሜዲተራንያን ክስግር ከሎ ፡ ክጠፍእ ወይ ክመውት ከሎ ዘጋጥምዎ ጸገማት ዝተፈላለዩ እዮም። በቲ ዘጋጥሞ ጸገም (ሓደጋ) መሰረት ንኽትረኽቦ ወይ ንኽተለልዮ ዝተመሳቐለ ጸገማት ይፈጥር፡ መብዛሕትኡ ግዜ ከምዚ ከጋጥም ከሎ እቲ ኣሰራርሓ ኣጸጋሚ ይኾውን።

ካብቲ ጸገማት ሓደ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሜዲተራንያን ዝሞቱ ሬሳታቶም ኣይርከብን እዩ። ከም ናይ ሕቡራት መንግስታት ተቐጻጻሪ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት (UNHCR) , ዝብሎ ፡ ብ2016 ኣብ ባሕሪ ካብ ዝሞቱ ሰባት እቶም 71% (ወይ ድማ ካብ 5022 ዝሞቱ ሰባት ናይቶም 3546 ሬሳ) ክሳብ ሕጂ ኣይተረኽበን።

እቲ ካልእ ጸገም፡ ነቶም ዝሞቱ ሰባት ንምልላይን መንነቶም ንምፍላጥን፡ ሕጊ ናይቲ ንምድላዮም ዝገበር ኣካይዳን መዝገቦምን ንምርካብ ዝገበር ኣካይዳን ይገድል። ኣብ ዓዲ ጥልያን ብወግዒ መዝገብ ዝተተሓዘሎም እቶም ብ 3 ጥቅምቲን 11 ጥቅምቲን 2013 ከምኡ ድማ እቶም ብ 18 ሚያዚያ 2015 ንዝጠለቑ ጥራሕ እዩ።

ብተወሳኺ ሓንቲ ናብ ዓዲ ጥልያን ትጓዓዝ ጃልባ ሓገዝ ትረኽቦ ወይ ትረአዮ ብሓለውቲ ሓይሊ ባሕሪ ናይ ካልኦት ሃገራት ክኸውን ይኽእል» ብፍላይ ብሊብያ። ብምኽንያት ፖሎቲካዊ ኣካይዳ እታ ሃገርን ዘይ ሕጋዊ ኣተሓሕዛ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታትን፡ ሓበሬታ ናይቶም ዝጠፍኡ ንምርካብ ብጣዕሚ ኣሸጋሪ ይኸውን።

### ናይ ኣብ ባሕሪ ዝሞቱ ሰባት ሬሳ ምእራይ

ሰብ ክድሕኑ ኣብ ዝንቀሳቐስሉ ግዜ ናይ መጀመርያ ስርሖም ነቶም ብህይወት ዘለዉ ንምድሓን እዩ። ሬሳታት ንምእራይ ናይቶም ብህይወት ዘለዉ ሰባት ኩነታት ይውሰኖ፡ ገሊኦም ቀልጢፍካ ናብ መሬት ብምብጻሕ ህጹጽ ናይ ሕክምና ረዲኤት ዘድልዮም ክህልዉ ይኽእሉ፡ ወይ ድማ እቲ ኩነታት ኣየር እውን ይውስኖ፡ ወይ እቲ ባሕሪ ኣዝዩ ጥልቀት እንተለዎ ነቶም ሓይሊ ባሕሪ ክስርሑ ዘጸግሞም እንተኾይኑ፡ቀዲሞም ዝኣተዉ ኣብጺሖም፡ ሓይሎም ኣጠናቒሮም ብምምላስ ናይ ምድላይ ስርሖም ይቕጽሉ።

## ናብ መን ምውካስ?

## ድህሪ ዝተፈላለዩ ጉዕዞታት ጀላቡ ናብ ጥልያን ዘጋጥሙ ጸገማት

**ማሕበር ቀይሕ መስቀል ዓለም ለኻዊ ኮሚቴን (ICRC)**

**ቀይሕ መስቀል ፍርቂ ቀያሕ ወርሒ**

**እዚ ብፍላይ ናይዘም ዝጠፍኡ ዝምልከቶ በዓል ስልጣን**

ናይ 3 ወይ 11 ጥቅምቲ 2013 - 18 የካቲት 2015 ዝጠሓሉ

---

**ማሕበር ቀይሕ መስቀል ዓለም ለኻዊ ኮሚቴን (ICRC)**

**ቀይሕ መስቀል ፍርቂ ቀያሕ ወርሒ**

ብመንግስቲ ሊቢያ ዝተርኸቡ ወይ ዝደሓኑ ሰገርቲ

ኣብ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ ሓደጋ ዝደሓኑ

ብሊብያ ዝተረኸቡ ሬሳታት (ኣብዚ ዶኩመንት ዘይተገለጹ)

ጥሒሎም ዝደሓነ ዘይብሎምን ሓጋዚ ዘይረኸቡን

ኣብ ባሕሪ ዝተረፉ ረሳታት

ረስኦም ዘይተረኽቡ

ምስክርነት ዘይተረኸበሎም

ምስክራት

ዘይተረኸቡ ወይ ዘይተመዝገቡ

ብማሕበራት ወይ ብውልቀሰባት ዝርከብ ሓበሬታ

ብመንግስቲ ጥልያን ወይ ብቐይሕ መስቀል ዝተመዝገቡ

ብቤተሰብ ዝተረኸቡ

---

**ማሕበር ቀይሕ መስቀል ዓለም ለኻዊ ኮሚቴን (ICRC)**

**ቀይሕ መስቀል ፍርቂ ቀያሕ ወርሒ**

**ናይ ሪፓብሊክ ተወካሊ**

ኣብ ግዜ ምስጋር ዝሞቱ እውን ሒዝካ ናብ ጥልያን ምስ ጃልባኻ ምብጻሕ

ምድሓን ወይ ከምዝመጹ ዘለዉ ብወገን መንግስቲ ጥልያን ምርግጋጽ

ብሓገዝ ካል ኦት ጀላቡ ዝወጹ ረሳታት ወይ ኣብ ደንደስ ጥልያን ዝበጽሑ ረሳታት

ኣብ ግዜ ናይ ምድሓን ሓገዝ ብጥልያን ዝተረኸቡ ሬሳታት ወይ ብድሕሪኡ ዝተረኸቡ

ምልላይ ሬሳ ካብ ምስኦም ዝመጹ ብዝርከብ ሓበሬታ

ሬሳ ንምልላይ ዝጠቕሙ (በሰላ፣ስእሊ፣መርመራ ደም ወዘተ . . . )

ጽርየት ዘይብሎም ዝተበላሸዉ ኣቑሑ (ክትጥቀመሎም ዘይከኣል ወይ ዝተበላሸዉ ስእልታት፣ ኣብ ዘይጥዕም ኩነታት ንምርመራ ደም ዝተወሰደሎም)

ዝርከቡ ኣድለይቲ ኣቑሑ መን ምኻኑ ንምልላይ ዝጠቕሙ

---

**ማሕበር ቀይሕ መስቀል ዓለም ለኻዊ ኮሚቴን (ICRC)**

**ቀይሕ መስቀል ፍርቂ ቀያሕ ወርሒ**

ብኻልኦት ሃገራት ዝደሓኑ ወይ ዝተረኣዩ

ናብ ጥልያን ዝተረኣዩ ኩነታት ብኸምዚ ክግለጽ ይከኣል፡ እቲ ክትግብርዎ ዝግባእ ኣካይዳ ግን ካሊእ ክኸውን ይኽእል፡ ኣብዚ ሰነድ ግን ኣይተገልጹን

# እቲ ብቑልጡፍ ክግበር ዝግብኦ

ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ምድላይ ወይ ምልላይ ዝግበረሉ ግዜ፡ ናይ ግድን ሓደ ቀረባ ዝኾነ ቤተሰብ የድሊ፤ ሓደ ካብ፡ ወለዲ፣ ኣሕዋት፣ውሉድ (ደቂ)፣ ሓውቦታት፣ ሓትነታት፣ወይ በዓል/ቲ ቃልኪዳን።

እቲ ጉዳይ ምስትጅምርዎ እቲ ቀንዲ ክትዝክርዎ ዘለኩም ኣድራሻኹም ምውህሃብ ይኸውን፡ እዚ ማለት ዋላ ድሕሪ ብዙሕ ኣዋርሕ ይኹን ሓበሬታ ንክህቡ ወይ ንኽሓቱ ምስቶም ዝሕብሩ ብቐሊሉ ርክብ ይህልወኩም።

ኣብተን ናይ 3 ወይ 11 ጥቅምቲ 2013 ወይ ኣብታ ናይ 18 ሚያዚያ 2015 ሓደጋ ዘጋጠመን ጀላቡ ቤተሰብ ኔሩና ኢልኩም ትሓስቡ እንተኾንኩም ንኽርከበልኩም ቀልጢፍኩም ኣመልከቱ።

# 1 ብዝተኸኣለ መጠን ቀልጢፍኩም ሓብሬታታት ምእካብ

ብቐዳምነት ናይቲ ሰብ መንነትን ብኸመይ ከምዝተጐዓዘን ሓበሬታታት ምእካብ። መብዛሕትኡ ግዜ ቀልጢፍካ ሓበሬታ እንተዘይተርኺብ ግዜ ምስ ሓለፈ ክትረኽቦ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል።

**ምስቶም ብሓደ ዝተጎዓዙ ሰባት**

ወይ ምስ ናቶም ቤተሰብ ርክብ ምፍጣር

ቀዳምነት ሓበሬታ ክህቡ ዝኽእሉ ንሳቶም እዮም፡ ክትረኽብዎም እንተኽኢልኩም ወይ ክትረኽብዎም ትኽእልሉ መንገዲ ሓዙ፤

- መጀመርያ ናይ ዝወረዱሉ ኣድራሻ ምፍላጥ። ቀጺሉ ከመጹ ከለዉ ናይ ዝዓረፉሉ ቦታ ወይ ዝሓገዞም ማሕበር ሽም ምሓዝ፡ ዓዲ፣ ከተማ፣ ኣድራሻ፣ ስልኪ ቁጽሪ። ናይቶም ብህይወት ዝተረፉ ኣብ ዓዲ ጥልያን መጀመርያ ዝወረዱሉ ቦታ ምፍላጥ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ፡ ንምንታይ እቲ ቀጻሊ ናይ ምድላይ ስራሕ ምስቲ ዝወሃብ ሓብሬታ ቦታ ንምፍላጥ ወሳኒ ይኸውን።
- ከመጹ ከለዉ ጉዕዞ ከመይ ከምዝነበረ ምፍላጥ፡ እንተተኻኢሉ እቲ ምሶኦም ዝነበረ ዝድለ ዘሎ ሰብ እንታይ ከምዘጋጠሞ ምሕታት።
- ክትራኸቡዎም ከለኹም ኣበይ ከምዝርከቡ ሓበሬታ ምሓዝ (ኣድራሻ፣ተሌፎን) ንምንታይ ንቐጻሊ ከይትጠፋፍኡ።

ኣብ ባሕሪ ንዝጠፍኡ ኦን
ንዝሞቱን ንቤተሰብን ንዝሕግዝዎም
ማሕበራትን መምርሒ
ኣብ ዓዲ ጥልያንን ኣብ ማእከል ሜዲተራንያንን

እዚ ሓበሬታ ዋላኳ ኣድላዪ እንተዘይመሰለኩም፡ ሓዝዎ ወይ ኣቐምጥዎ።

እቲ ምድላይ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክወስድ ይኽእል፡ ገለ ካብቶም ዝተረኽቡ ኣቕሑ ንመጀመርታ ግዜ ኣድላዪ ትርጉም ዘይክህቡ ይኽእሉ፡ ደሓር ግን ጠቓሚ ሓበሬታ ክምጽኡ ይኽእሉ። ገለ ካብቶም ንቤተሰብ ዝሕግዙ ማሕበራት ወይ ሰባት ድምጺ ይቐድሑ ወይ ሰነድ (ፎርም) ይመልኡ።

ነቶም ምሶኦም ዝመጹ ቤተሰቦም እውን ድለይዎም፥ ንምንታይ ገሊኦም ምስቶም ብህይወት ዝአተዉ ርክብ ክህልዎም ስለዝኽእል፥ ገሊኦም ድማ ከም ናትኩም ዓይነት ጸገም ክህልዎም ይኽእል። ገሊኦም ቤተሰብ ብሓደ ብምጥርናፍ፡ ብሓደ ሓቢሮም ምንቅስቓስን ምትሕግጋዝን ክገብሩ ከለዉ ሓደ ሓደ ግዜ ብዓይኒ መንግስቲ (ምምሕድዳር) ተጠመትን ተሰማዕትን ክኾኑ ይኽእሉ።

መብዛሕቶም ቤተሰብ ሶሻል ኔት ዎርክ ይጥቀሙ (ፈይስ ቡክ፣ትዊተር ወዘተ . . . ) ዝጥቀሙሉ ድማ ንቤተሰቦም ወይ ነዕርኽቶም ንምርካብ እዩ ፤ ከምዝኾነ እንድሕር ክትጥቀሙ ዘይትኽእሉ ቀስ ኢልኩም ክትለምድዎ ፈትኑ ተዘይኮይኑ ናብ ትአምንዎ ሰብ ብምኻድ ምኽሪ ውሰዱ።

ምስ ሓቢሮም ዝመጹ ብጾቶም፥ ክትረኽቦምን ርክብ ምፍጣር ዘይምኽኣልን

- መብዛሕቱ ግዜ ሰባት አብ ዓዲ ጥልያን አብቲ መጀመርታ ዝተዓቐቡሉ ንብዙሕ ግዜ አይጸንሑን፥ መብዛሕቶም ቦታ ከም ዝቐየሩ ንቤተሰቦም ክገልጹሎም ዕድል አይረኽቡን። እቶም መጓዕዝቶም መብዛሕቱ ግዜ ቀዋሚ ቦታ ስለ ዘይረኽቡ ንኽበታተኑን ቀሊል ስለ ዝኾነ ንኽትረኽቦም ይኸብድ።ርግጸኛታት ንኽትኮኑ ናትኩም ስልኪ ቁጽሪ ሃቡዎም፣ ኩሉ ግዜ ደውሉሎም፣ ቁጽሪ እንተቐይሮም ሕተትዎም ወይ ቦታ ዝቕይሩ እንተኾይኖም ሕተትዎም።
- ሓደ ሰብ ክመጽእ ከሎ ሓደጋ ምስ ዘጋጥሞ ወይ ምስ ዝመውት እቶም ብጾቱ ከምዚ ሓደጋ ተረኺቡ አሎ ኢሎም ንቤተሰቡ ንኽነግሩ ክኸብዶም ይኽእል። አብ ድንጋጼ ክርከቡ ይኽእሉ ወይ ክዛረቡ እውን አይደልዩን። ከምዝኾነ ዋላ እኳ ኩሉ እንተዘይገለጹዎ፥ እቲ ዝርከብ ቁሩብ ሓበሬታ ቤተሰብኩም ንምድላይ ክሕግዝ ይኽእል።
- ዋላ እንኳ እቶም ብህይወት ዝተረፉ ቀንዲ ሓበሬታ ዝህቡ እንተኾኑ፥ እቲ ክህብዎ ዝኽእሉ ምስክርነት ብወገን መንግስቲ ጥልያን አይጸሓፍን ወይ አይምዝገብን። እንተመዝገቡ እውን መብዛሕትኡ ግዜ ዝጥቀሙሉ ክንደይ ሞይቶምን ክንደይ መስገርቲ ከምዝነበሩ ንምፍላጥን ጥራሕ እዩ ዝጥቀሙሉ።

**አብ ሽግር ንዝርከባ ጀላቡ ንምድሓን ዝተዳለዉ ዝተፈላለዩ አካላት**

ኩሉ አብ ባሕሪ ዝጓዓዝ፥ አብ ጥቕኡ ሽግር ንዘጋጥሞም ተጓዓዝቲ ረዲኤት ክህብ ናይ ግድን እዩ። አብዚ ሕጂ እዋን ዝተፈላለዩ አካላት አብ ሜዲተራንያን ንዘጋጥም ሓደጋ ረዴኤት ንምሃብ አብ ትሕቲ ቁጽጽር ማእከላዊ ምምሕድዳር ዶብ ባሕሪ ብምድላው ሓገዞም የበርከቱ። እዞም አካላት ብምሕጻር ቃላት (MRCC) ይጽውዑ፥ ቤት ጽሕፈቶም ድማ አብ ሮማ ይርከብ።

- ናይ ጥልያን ናይ ዶብ ሓለውቲ ወይ ናይ ካልኦት ሃገራት።
- ፍሮንቴክስ (FRONTEX) ዝበሃል ናይ አውሮፓ አጀንሲ ቀንዲ ስርሑ ብባሕሪ ንዝመጹ ዝቆጻጸር አካል።
- ወትሃደራዊ ኦፐረሽን ኤውናቭፎር ሜድ (ወይ ድማ ሶፍያ ይበሃል) ስርሑ ድማ፥ ፤ እቶም ዝመጹ መን ምዃኖም ምልላይ፣ ጀላቡ ምህጋርን እተን ንምምልላስ ዝጥቀሙለን ጀላቡ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ምግባር።
- ናይ መንግስቲ ዘይኮኑ ከም NGO ወይ ብግሎም ንምድሓን ዝንቀሳቐሱ ሰብ መርከብ፡ Sea-Watch፣ Bourbon Argos ን Dignity I ናይ መዲቹ ሰንሳ ፍሮንቴረ (MSF) ፣ Aquarius ናይ SOS Méditerranée/MSF፣ Phoenix ፣ Responder ናይ MOAS፣ Luventa ናይ Jugend Rettet፣ Golfo Azzurro ናይ Boat refugee fondation፣ Astral ናይ Proactiva Open Arms፣ Sea-eyes፣ Vos Hestia ናይ Save the Children .



### ኽሰግሩ ከለዉ ዝነበረ ሓበሬታታት ምእካብ

- ጉዕዞ ባሕሪ ከመይ ከምዝነበረ፥ እቲ ዝጠፍኤ ዝጠፍኡሉ አበይ ቦታ ሙኻኑ
- ብርግጽ ወይ ብግምት ዝነቀለሉ ዕለት፥ ካበይ ከምዝነቀሉ
- እቲ ዝጠፍኤ ሰብ ዝጽሕፎ ዝነበረ መልእኽቲ፣ ሰዓቱ፣ ዕለቱን ካበይ ይድውል ከምዝነበረን
- ዝጠለቐሉ ሰዓትን ቦታን፥ አብ ባሕሪ ክድሕኑ ዝተንቀሳቐሱ ወይ ዝረአይዎም መን ኔሮም (ናይ መን ሃገር)
- ናይ ምስኡ ዝመጹ አድራሻ (ሽም፣ስልኪ ቁጽሪን አበይ ከምዝርከቡን)
- አብዚ ምስ በጽሑ፥ ቀጺሎም ናይ ዝኸዱሉ ናይ ቤተሰቦም አድራሻ

### ናይቲ ዝጠፍአ ሰብ ሓብሬታታትን መንነትን ምእካብ

ብመጀመርያ እዞም ዝስዕቡ ሓብሬታታት ምእካብ

- መንነቱ (ሽሙ፣ ሽም አቡኡ፣ ዝተወለደሉ ዕለት፣ ዝተወለደሉ ቦታ፣ ዜግነቱን ቋንቋኡን ወዘተ . . . )
- ናይ ሰውነቱ አቓም (ዝተፈላለዩ ምልክታት፣ በሰላ ወይ ውቃጦ ወዘተ . . . )
- ክዳውንቲ፣ ስልማትን ተኸዲንዎ ዝነበረን።
- ስእሊ (ብዝተኽአለ መጠን ፍሽኽታ ዘለዎ፡ ንምንታይ ብቐሊሉ ክልለ ስለ ዝኽእል)

እዞም ዝስዕቡ ንሓበሬታ ጠቐምቲ ይኾኑ፥

- ናይ ሓኪም ሰርቲፊኬት፥ (ኦፐረሽን ዝገበረሉ፣ ራጂን ሓበሬታ ናይ አስናኑ አቀማምጣ ወዘተ . . . )
- ናይ ኢድ ዓሸራ ዘለዎ ዶኩሜንት (ታሴራ ወይ ፓስፖርት)
- ካብቶም ድኤንኤ ንምርካብ ክጠቕሙ ዝኽእሉ አቑሑ፥ (ከም ናይ ስኒ መሕጸቢ ብሩሽ፣ መላጸዩ ጭሕሚ ወዘተ . . . )

# 2 ምስ ቀይሕ መስቀል፣ ፍርቂ ቀያሕ ወርሒ ወይ ዓለም ለኻዊ አባላት ቀይ ሕመስቀል ተራኺቡ

ICRC ንማሕበራት ቀይሕ መስቀልን ፍርቂ ቀያሕ ወርሕን፣ ነዞም ዝስዕቡ መስመራት መስሪቱ "ናይቲ ቤተሰብ ርክብ ከም ብሓድሽ ምህናጽ" (Restoring family links) ፡ ዕላሞኦም ድማ ብውግእ ወይ ብዝተፈላለዩ ጸገማት ፋሕ ዝበሉ ስድራታት ንምትእኽኻብ ከምኡ ድማ አብ ግዜ ስደት ፋሕ ንዝበሉ ምጥርናፍ እዩ።

ናይ ምድላይ ሕቶ ምቕራብ

- ሕቶ ዝቀርበሉ አብቲ ቤተሰቡ ዘለውዎ ዓዲ
- ሕቶ ዝቐርቦ ብቐጥታ ካብቶም ቤተሰብ
- ሙሉእ ሓበሬታ ናይቲ ሰብ ዝገልጽ ፎርም ምምላእ

ማሕበር ቀይሕ መስቀል ዓለም ለኻዊ ኮሚቴን (ICRC) ፍርቂ ቀያሕ ወርሕን አብ አውሮፓ ንዝነብሩ ስደተኛታት ዌብ ሳይት እውን ከፊቶም፣ ከም Trace the Face[2], ኣብ ኣውሮፓ ንትርከቡ ወጻእተኛታት ወይ ስደተኛታት ስእልኹም ብምእታው ቤተሰብ ከምትደልዩ ዘለኹም ወይ ድማ ቤተሰብኩም ከምዝደልይኹም ዘለው መሐበሪ

አብ ጥሪ (ጀንዋሪ) 2017 ናይ ጥልያን ቀይሕ መስቀል፣ CICR ዓለም ለኻዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀልን ብፍላይ ነዞም ዝጠፍኡ ሰባት ንምድላይ ሓላፍነት ዝወሰደ ኮሚሳርያትን (CSPS) ሰለስቲኦም ብምትሕብባር አብ ምእካብ አስማትን ሓበሬታ ናብ ስድራቤቶም ምትሕልላፍን ጠንኪሮም ክሰርሑ ናይ ሰለስቲኦም ውዕል ተፈራሪሞም። እቲ መልእኽቲ ብናይ ጥልያን ቀይሕ መስቀል አቢሉ ናብ ኮሚሳርያት CSPS ንክመሓላለፍ ተወዓዒሎም።

ቀይሕ መስቀልን ናይ ቀይሕ መስቀል ዓለም ለኻዊ ኮሚቴን ዝኾነ ሓበሬታ ንመንግስቲ ይኹን ንህዝቢ አይህቡን ወይ አይዝርግሑን። ፍቓድ ምስዝህሉ ጥራሕ ይህቡ ወይ የመሓላልፉ።

2. familylinks.icrc.org/europe

## ብቀይሕ መስቅል ዝካየድ ናይ ምድላይ አሰራርሓ

ቀይሕ መስቀልን ፍርቂ ቀያሕ ወርሕን አብዚ ዓለም አብ ኩሉ ኩርናዓት አንቴናታት (ሓበርቲ) አለዉዎም፣ አብ ኩሉ ዘለዉ ርክብ አለዎም፣ ንምሳሌ ካብቲ ንምድላይ ዝሰርሕዎ ገለ፤ አብቲ ናይ መወዳእታ አድራሻ ናይቲ ዝጠፈኤ ይኸዱ፣ ምስ ቤተሰቡ ርክብ ይገብሩ፣ ምስ የዕርኽቱ ብጾቱን ዝቐርቡዎን፣ ናብቲ ሓበሬታ ክህቦም ዝኽእል አካል ይውከሱ። ስደተኛታት ዝዕቆቡሉ ካምፕታት ክርእዩ ይኸዱ፣ መዝገብ ናይ ሆስፒታላትን መቓብራትን የጻርዩ።

# 3 ናብ ክሕግዙ ዝኽእሉ ትካላት ናይ ጥልያን ብምኻድ ተወከሱ

### ናብቲ መንግስቲ ዝውክሉ ቤት ጽሕፈታት ኪዱ

እቲ ተቕርብዎ ሕቶ ብጥልያን ጥራሕ ተጻሒፉ ብፖስታ ክለአኽ አለዎ፣ እቶም ብህይወት ዝአተዉ አበይ ከምዝወረዱ፣ እቶም ዝሞቱ አበይ ከምዝተረኽቡ ወይ ስብርባር ናይታ ጃልባ አበይ ከምእተረኽበ ብምግላጽ። እቲ ሕቶ ከማልኦ ዘለዎ፣

- ናይቲ ዝጠፈኤ ሰብ ዝገልጽ ዘለኩም ሓብሬታ
- ናይቲ ዝድለ ሰብ ስእሊ
- ናይቲ ዝድለ ሰብ ስልኪ ቑጽርን፣ ክንደይ ግዜ ከምተደወለሉን ከምዝመለሰን
- ካብቶም ምስኡ ዝመጹ ብጾት ናይቶም ትፈልጥዎም አስማት ካብታ ጃልባ ዝወረዱሉ ዶብ ክትፈልጡዎ እንተዘይኪኢልኩም፣ ናብቲ ዝምልከቶ ናይቲ ከተማ ቤት ጽሕፈት ብምኻድ ምናልባት ሓብሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

### ናብቲ ብፍላይ ናይዞም ዝጠፍኡ ዝምልከቶ በዓል ስልጣን ኬድኩም አመልከቱ

እዚ ብፍላይ ናይዞም ዝጠፍኡ ዝምልከቶ በዓል ስልጣን (Commissario straordinario per le persone scomparse – CSPS) ናይዞም አብ ባሕሪ ዝጠፍኡ ሰባት ክሲ ዘቕርብ አካል ዘይኮነስ ንዝጠፍኡ አብ ናይ ምድላይ ስራሕ የትሓባብር። ብቐጥታ ናብ ምድላይ ወፍሪ አይአቱን።

አብ ሚያዝያ (አፕሪል) 2017 CSPS ምስ ናይ ጥልያን ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተርን ሓደ ፕሮቶኮል ተፈራሪሞም። እዚ ፕሮቶኮል ነቶም አብ ደገ ዘለው ናይ ጥልያን ዲፕሎማት ብስራሕ ዝርከቡሉ ሃገር ካብቶም ሓደጋ ዘጋጠሞም ስድራቤት ዝነብሩሉ ምስ ዝኾውን፣ ነቲ ብCICR ዝእከብ ናይ ሓበሬታታት ምእካብ አሰራርሓ ክድግፉ ይእዝዝ። ናይ ጥልያን ቀይሕ መስቀል ነቲ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ብቀይሕ መስቀል ወይ ብፍርቂ ቀያሕ ወርሒ ዝእከቡ ሓበሬታታት ናብ CSPS ከምዝመሓላለፉ ይገብር።

አብ ባሕሪ ንዝጠፍ ኡን ንዝሞቱን ንቤተሰብን ንዝሕግዝዎም ማሕበራትን መምርሒ
አብ ዓዲ ጥልያንን አብ ማእከል ሜዲተራንያንን

Cf. Références législatives p. 26

- ካብቲ ናብ መንግስታዊ ትካል ዘቕረብኩሞ ሕቶ ሓደ ቅዳሕ ን CSPS ሃቡዎም።

**ናይ ዝጠፍኢ ቤተሰብ ስም ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣመልክቱ**

ናይ ዝጠፍኡ ሰባት ስም ንኸተመልክት ይፈቅድ። ኣብ ፖሊስ ብምኻድ ከተመልክት ትኽእል፣ ካብ ዓዲ ጥልያን እንተዘይኮይኑ ካብ ደገ ኣይፍቀድን። ነዚ ዘገድድ ሕጊ የለን፣ ኣብ ዓዲ ጥልያን ነበርቲ እንተኾንኩም ግን ከተመልክቱ ዝሓሸ። ◇

ኣብ ኣውሮፓ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ንዘይብሎም ቤተሰብ፣ ነቲ ጉዳይ ንምስላጥ ብሰንኪ መንበሪ ፍቓድ ዘይምህላው ጸገም ንኸይገጥሞም፣ ናብ ኮሚሳርያት ይኹን ናብ ፖሊስ ንምኻድ በቶም ዝሕግዙ ማሕበራት ወይ ሰባት ኣቢሎም ከሳልጡ ይሕበር።

◇ Cf. Références législatives p. 26

**ጥልያን ነዚ ዝጀመረቶ**

ካብ ናይ 3 ጥቅምቲን 11 ጥቅምቲ 2013 ኣብ ዶብ ባሕሪ ላምፔዱሳን ብ 18 ሚያዚያ 2015 ዘጋጠመ ሓደጋ ጀሚሩ መንግስቲ ጥልያን ካብ ሙሉእ ኣውሮፓ ብቐዳምነት ፕሮቶኮል ብምቕራብ ኣብ ሜዲተራንያን ንዝጠፍኡ ብምድላይ ንዝሞቱ ድማ መንነቶም ንምልላይ ክትሰርሕ ዝጀመረት። ◆ ብ 3 ጥቅምቲ 2013 ዘጋጠመ ሓደጋ ብሓቂ ንብዙሓት ሰባት ኣሕዚኑ ንምንታይ 384 ሰባት ብሓደ ግዜ ክሞቱ ከለዉ ካብቲ ዘሕዝን ድማ ኣብቲ ጥቃ ደንደስ ብምብጽሖም እዩ ነሩ። ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ሬስኦም ተረኺቡ። በዚ ኣጋጣሚ መንነት ናይ ሬሳታት ንምፍላጥ ንዝካየድ ሓድሽ ፕሮቶኮል ኣውጺኣ።

ካብ 2013 CSPS፣ ብልክዕ ዓወቱ ኣመዝጊቡ፣ ኣብ ባሕሪ ናይ ዝሞቱ ስደተኛታት ስም መዝጊቡ። እቲ ብ 18 ሚያዚያ 2015 ዘጋጠመ ሓደጋ ናይ 800 ሰባት ሕይወት ክቐጥፍ ከሎ እቲ ዝኸፍኤ ሓደጋ ናይ ሜዲትራንያን ኔሩ። ጥልያን ብህጹጽ ነታ ጃልባ ከምትረኽባን ነቶም ሬሳታት ከምተውጽኦምን ገሊጻ።. እዚ ጅምርዚ ብምሙርካስ ሓምሌ 2016 ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ኢደንቲፊኬሽን ወይ ናይ ምልላይ ስራሕ ተኻይዱ ምስዞም ዝስዕቡ ላቦራቶሪታት ብምትሕብባር : ላብኖፍ (ላቦራቶሪ ናይ ኣንትሮፖሎጅን ፎረሲክ ኦዶንቶሎጂን) ናይ ሚላኖ ዩኒቨርሲቲ ብዶክተር ክርስቲና ካታነዮን ብCSPS ኣገልግሎትን ብምትሕብባር። ኣብ መወዳእታ 2016 : ምስ ቤተሰብ ርክብ ንምግባር እቲ ከይዲ ገና ኣይተወደኤን ኔሩ።

ኣብዚ ግዜዚ እዞም ፕሮቶኮላት ንግዝይኡ ምዝጉባት ኣይኮኑን ብዘይካ እቶም 3 ኣብ ላዕሊ ዝተገለጹ። ኣብዚ ዶኩሜንት ከምዘሰፈርዎ እቲ ስራሕ ብጣዕሚ ገፊሕ እዩ ኔሩ፣ ብሓቂ ናይቶም ኣብ ባሕሪ ዝጠፍኡ ስደተኛታት ቁጽሪ ብዕሊ ፍሉጥ ኣይኮነን።



# ኣሰራርሓ ናይ ዝሞቱ ምልላ ይን ሬስኦም ምስዳድን



## 1 ሕቶን ምልላይ ናይ ዝሞቱ ሰባትን

ብጃልባ ከቛርጹ ሞት ምስዘጋጥም፣ ላዕለዎት ኣካልን (ቤት ፍርዲ) ፖሊስን squadra mobile ሰነድ ብምኽፋት ምምዝጋብ ይጅምሩ። እዚ ኣሰራርሓ ናይ ዝሞቱ ኢደንቲፍኬሽን ወይ ምልላይ ዘይኮነስ ብርግጽ ነቲ ገበን ንምፍላጥን እቲ ገበን ዝሰርሑ መን ሙኻኖም ንምፍላጥን እዩ። ግን ከምቲ ናይ ጥልያን ሕጊ ዝብሎ ዋላ እኳ ካብቶም ገበነኛታት መበጻጸሕቲ እንተሃለዉ እቲ ዝኸሰስ ኣካል እቶም ዝሞቱ መን ሙኻኖም ምስ ኣጻረየ ክምለሶም ይመርጽ ◆ ።

ብዝኾነ ኣብ ግዜ ምፍላጥ መንነት ሬሳታት፥ ምስቲ ዘጋጥም ኩነታት ዝተፈላለየ ኣሰራርሓ ኣለዎም፤ ኩነታት ከጻርዩ ምድላይ፣ ካብ ዓቕሚ ናይቲ ከተማ፣ ካብቲ ኣድላይነት ናይ ቀልጢፍካ ምልላይ (ኣብቲ ቦታ ቤተሰብ ምስዝህልዉ፣ ስእሊ ወዘተ . . . ) ወሳኒ ድማ ናይቶም ላዕለዎት ኣካልን ናይ ፖሊስን ምስቲ ዘጋጥመ ሓደጋ ሪኦም ኢደንቲፊኬሽን ንምግባር ስሚዒት ወይ ድልየት ምስ ዝህልዎም እዩ።

### ብምርኣይ ምልላይ

ነቶም ሓደጋ ዘጋጠሞም፥ ቤተሰቦም ወይ ዝፈልጥዎም ኣብቲ ቦታ ብምብጻሕ ብቕልጡፍ ከለልይዎም ይኽእሉ። ኣብ ደንደስ ባሕሪ ምስበጽሑ ወይ እንዳመጹ ዝተሰኣልዎ እንተዝርከብ ንኸተለልዮም ዝቐለለ ይኸውን። ከምዚ እንዳሃለወ እውን ብላዕለዎት ኣካል ግን እዚ ዓይነት ኣሰራርሓ ሙሉእ ብምሉእ ዘተኣማምን ከምዘይኮነ ይቐጽርዎ።

### ብላዕሊ ወይ ብደገ ዝረኣዩ ምልክታት

ኢዚ ማለት ካብ ክዳን፣ ኣብ ነብሱ ካብ ዝርከቡ ነገራት ከም ካቲም፣ ማዕተብ፣ ካብ ውቃጦ ወይ በሰላ፥ ማለት ብምርኣይ ክልለ ዝኽእል።

### ንዲኤንኤ ዘድሊ ምርካብን ካብ ስኒ ዝርከብን

ብዲኤንኤ ጌርካ መንነት ንምፍላጥ ዝተፈላለየ ግዜ ይወስድ። እዚ እንድሕር ብግቡእ ዘይተሰርሐ ወይ ዲኤንኤ ንምውሳድ ጽቡቕ ኩነታት እንተዘይኔሩ እቲ መንነት ኣይፍለጥን።
መዝገብ ንምሓዝን መንነት ንምፍላጥን ኣድለይቲ፤

- እቲ ኣድላዪ መለለይ ዝበሃል ንምሓዝ ምርካብ (ንምሳሌ ብደገ ዝረኣይ ምልክት)።

### ሓደ ሓደ መግለጽታት

ኢደንቲፊኬሽን ወይ ምልላይ ማለት መንነት ናይቲ ሰብ ንምፍላጥ ዝግበር ስራሕ እዩ።

ባዮሜትሪ ማለት ካብቲ ናይቲ ወዲ ሰብ ኣካላት ንኸለልይዎ ዝጥቀሙሉ ኣሰራርሓ፥ ከም ዓሽራ፣ ኣቋም ናይ ጉልበቱ፣ ዲኤንኤ ... ።

DNA ዲኤንኤ ማለት ኣብ ውሽጢ ናይ ኩሉ ወዲ ሰብ ዝርከብ ሴል ናይ ዓለት ወይ ናይ ዘርኢ ሓበሬታ ዝህብ። ዲኤንኤንምግባር ካብ ነጠብጣብ ደም፣ ካብ ጨጉሪ ብዝበለጸ ግን ኣብ ዓጽምን ኣብ ስንን ይርከብ።

Ante mortem data ቅድሚ ሞት ዝርከቡ ቅድሚ ምማቱ ካብቲ ሰብ ዝርከቡ ነገራት፥ ከም ስእሊ፥ ንዲኤንኤ ዘድልይ ዘበሉ ንምሳሌ ከም ጨጉሪ።

Post mortem data ድሕሪ ምማቱ ዝርከቡ ምስ ሞተ ካብቲ ሬሳ ዝውሰዱ ነገራት፥ ንምሳሌ ከም ደም ምውሳድ።

ናይ ሓደ ዝሞተ ሰብ መንነት ንምፍላጥ፥ከምቲ ቤተሰቡ ዝሃብዎ ሓብሬታን ቅድሚ ምማቱን ድሕሪ ምማቱን ዝተረኸበ ውጽኢት ምንጽጻር ይግባእ።

- ካብቲ ሬሳ ንዲኤንኤ ምርመራ ዘድሊ ምውሳድ።
- በቲ ቤተሰብ ዝህቡዎ ሓበሬታ ንዲኤንኤ ዘድሊ ካብቲ ሬሳ ምርካብ (ንምሳሌ ጨጉሪ) ወይ ካብ ናቱ ቀንዲ ቤተሰብ ዲኤንኤ ምውሳድ (ምስ ዲኤንኤ ናይ ደቁ ወይ ናይ ወለዱ ምርኣይ ኣተኣማማኒ ይኸውን)።
- እቲ ናይ ዲኤንኤ መልሲ ናይ መን ከምዝመስል ምርኣይ።

ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣውቶፕስያ (ሰብ ምስ ሞተ ዝግበር መርመራ) ወይ ናይ ዲኤንኤ ምርመራ፥ ኩሉ ግዜ ዝግበር ኣይኮነን። ከም ናይ ቤት ፍርዲ ኣካይዳ ኣውቶፕስያ ምግባር ማለት ብምንታይ ከምዝሞተ ንምፍላጥ እዩ ዝጠቅም። ኣብ ባሕሪ ንዝሞቱ ግን መንነቶም ንምፍላጥ ቁሩብ መርመራ እዩ ዝእክል። ናይቲ ምርመራ ዋጋ ናህሪ እውን ስለዘሎ ንኹሉ ንኺይገብሩሉ ዕንቅፋት ይኸውን። ብተወሳኺ ዋላኳ ናይቶም ብ3 ጥቅምቲ 2013 ንዝሞቱ ዝተወሰነ መዝገብ እንተሃለወ፥ እቲ ንምርመራ ዝጠቅም ዝውሰድን ዝቕመጥን፥ ርግጸኛ ዝኾነ ብቕዓትን ክእለትን ዘለዎ ምርመራ ይሓትት።

ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣብ ማእከል ሜዲተረንያን

ኣብ ባሕሪ ንዝጠፉ ኦን ንዝሞቱን ዝተሰበሉን ንዝሕግዝዎም ማሕበረትን መምርሒ

### ንዝሞቱ ስደተኛታት ወይ ኣብ ባሕሪ ንዝጠፍኡ ሰባት ዝተሓዘ መዝገብ

ክሳብ ሕጂ ሓደ ናይ ሓባር መዝገብ ወይ ሊስታ የለን። ዋላ እኳ ንምድላይ እቲ ዝቐለለ መንገዲ እንተኾነ። ብሓቂ ሓደ መዝገብ እንተዝህሉ ዋላ ድሕሪ ብዙሕ ግዜ ይኹን ቤተሰብ ሽም ናይ ዝሞተ ወይ ናይ ዝጠፈኤ ሰቦም ኣብ መዝገብ መረኸቡ።

- መዝገብ ዝተገበረሎም ነቶም ብ 3 ጥቅምቲ 2013ን ብ 18 ሚያዚያ 2015 ንዝሞቱ ጥራሕ እዩ።

ክልኦት መዝገባት እውን ኣለዉ፥ ኣብዚ ሕጂ እዋን ሙሉእ ብሙሉእ ጠቕምቲ ኣይኮኑን፤

- ናይ Il Registro nazionale dei cadaveri non identificati, መንነቶም ዘይተለለየ ሬሳታት ኣብ ናይ መንግስቲ መዝገብ ዘሎ፥ እዚ መዝገብ ዝሕዞ ሓብሬታ፤ ናይ ሰውነቲ መግለጺ (ጉልቡት፣ ነዊሕ . . . )፣ ዜግነት ወይ መበቆል (ልክዕ ወይ ብይኸውን)፣ ዕድመ (ልክዕ ወይ ብግምት)፣ እቲ ሬሳ ዝተረኽበሉ ዕለትን መዓልትን ዝተረኽበሉ ቦታን ናይ መሞቲኡ ምኽንያትን ይገልጽ ። ዋላ እኳ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ናይቲ ኣሰራርሓ ሕጊ እንተሓደስዎ ኣብ መወዳእታ ናይ 2016 ዘሎ ናይ መወዳእታ ኣብ ኦን ላይን ዘሎ ሓበሬታ መዝገብ ግን ናይ ሰኔ 2014 ይገልጽ። ኣብ ኦን ላይን እውን ሓብሬታ ይርከብ።
- RiSc (Ricerca scomparsi) ሓደ ማእኸላይ ናይ ጥልያን ፖሊስ መዝገብ ኮይኑ፥ ምስ ኩሉ ሕጊ ዝከታተሉ ናይ ፖሊስ መዝገባት ዝተተሓሓዘ እዩ (SDI, sistema d'indagini). ኣብ ኦን ላይን እቲኻ ክረኤ ኣይከኣልን።

# 2 ኣብ ግዜ ምልላይ መንነት፡ብወገን ቤተሰብ ክግበር ዘለዎ ስራሕ

ቤተሰብ ናይ ዝሞተ ቤተሰቦም፡ ቅድሚ ምማቱ ዝነበረ መግለጺ ክኸውን እዩ ዝብሉዎ ሓብሬታ የቕርቡ፡ ንሳቶም ድማ ዲኤንኤ ንኽንገብሩ ክጽውዑ ይኽእሉ።

ናይ ስድራቤት እስማት ብቀይሕ መስከል ወይ ብፍርቂ ቀያሕ ወርሒ ካብ ዘለዉዎ ሃገር ክመሓላለፍ ይኽእል። እዚም ቤተሰብ ብምኽንያት ናይቲ ንምልላይ ዝግበር መረመራን በቲ ሕጊ ዝውስኖ እሰራርሓን ብዝምልከት ኣብ ዓዲ ጥልያን ንንውሕ ዝበለ ግዜ ክጸንሑ ይኽእሉ። እንተኾነ ግን መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ዘቃልል መንገዲ የለን። ብሕጊ መሰረት ሓደ በዚ ምኽንያት ንዝመጽእ መንበሪ ፍቓድ ይወሃቦ። እዚ ፍቓድ እዚ እውን ናይ ቤተሰብ ምህላው እድላዩ ምስዝኸውን ጥራሕ እቲ ዝውስን በዓል ስልጣን ይፈቅድ፡ እዚ ፍቓድ ን 3 ወርሒ እዩ፡ን 3 ወርሒ ጥራሕ ድማ ይሕደስ። ◆

# 3 ናይቲ ዝሞተ መረጋገጺ ምስዝርከብ፡ ዝተቐበረሉ ቦታ ምድላይ

ናይ መቓብር ጉዳይ ንመዘጋጃ ቤት (ኮሙነ) ይምልከት። ብምኽንያት ሕጽረት ቦታ ኣብ ባሕሪ ናይ ዝሞቱ ሬሳታት ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ይቕብርዎም።

ኣብ ባሕሪ ንዝጠፉ ኡን ንዝሞቱን ንቤተሰብን ንዝሕግዝዎም ማሕበራትን መምርሒ
ኣብ ዓዲ ጥልያንን ኣብ ማእከል ሜዲተራንያንን

### ከም ዝሞተ ዝወሃብ ሰርቲፊኬት

ናይ ዝሞተ ሰብ ሬሳ እንተዘይተረኺቡ ናይ ሙዉት ሰርቲፊኬት ምርካብ ይኸብድ፡ ዋላ እውን ኣብቲ ጉዕዞ ቤተሰብ ምስኡ ዝነበሩ ከምዝሞተ ምስክርነት እንተሃቡ። ናብ ሕጊ ሙግታይ የድሊ፡ እቲ ፍርዲ ድማ ዝተፈላለዩ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት ክጸንሕ ይኽእል። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት እቶም ቤተሰብ እቲ ዝደልይዎ ሰብ ከም ዝሞተ ርግጸኛታት ይኾኑ እሞ ናይ ሞት ሰርቲፊኬት እድላዩ ይኸውን፡ ሓደ ሓዘኖም ወዲኦም ናይ ሕልና ዕረፍቲ ክረኽቡ ከምኡ ድማ ገለ ሕጊ ንምምላእ፡ (ንምሳሌ ውርሲ ንምርግጋጽ ወይ ካልኣይ ንምምርዓው ...)።

ናይ ምልላይ ጉዳይ ኣብ ፍጻሜ ምስ ዝበጽሕ ቤት ፍርዲ – Nullaosta al seppellimento – ናይ ምቕባር ፍቓድ ይሀብ: እዚ ዶኩሜንት ቀብሪ ንኽግበረሉ ይፈቅድ። እዚ ፍቓድ ምስቲ ናይ ሙዉት ሰርቲፊኬት ሓቢሮም ይኸዱ። ሓደ ሓደ ግዜ ካብዞም ክልተ ወረቐታት ሓደ ናይ ዘይምህላው የጋጥም፡ እዚ ድማ ነቲ ሬሳ ዝቐበሩሉ ንምርካብ ጸገም ይፈጥር፡ ንምንታይ እቲ ማዘጋጃቤት ወይ ኮሙነ ጥራሕ እዩ ኣበይ ከምዘሎ ዝፈልጥ። እቲ ቐብሪ ዝፍጸም በቲ መንግስቲ ጥልያን ዝፈቐዶ መሰረት እዩ። ናይ ሓባር ጉድጓድ የለን፡ እቶም ሬሳታት ኣብ ነናቶም ሳንዱቕ እዮ ዝእተው፡ ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ጉድጓድ 2 ሳንዱቕ የጋጥም። ናይቲ ዝሞተ ሰብ ሽም ዘይፍለጥ እንተኾይኑ፡ናይ መንነት መረጋገጺን (ናይዲኤንኤ መለሲ) ፣ ናይ ዝሞተሉ መዓልትን ቁጽርን ይግበረሉ። ◆

# 4 ናይ ዝሞቱ ሬሳታት ናብ ሃገሮም ምምላስ

እንድሕር እቲ ሬሳ ቀልጢፉ ዘይተለኣኸ፡ እቲ ማዘጋጃቤት ፍሒሩ ንክህብ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት ክጸቢ ይኽእል።

**ክቕረቡ ዝግበኦም** ◆

- ላሻ ፓሳረ ናይ ቆንስል: እንድሕር እቲ ኣብ ዓዲ ጥልያን ዘሎ ቆንስል ነቲ ሰብ ወዲ ዜጋ ሙዃኑ እንተ ኣሚኑሉ እዚ ላሻ ፓሳረ ወይ መሕለፉ ወረቐት ይሀቦ። ቤተሰብ ነቲ ቆንስል ይድውሉሉ ወይ ድማ ወኪል ይልእኹ (ንምሳሌንማሕበራት ወይ እቶም ንምልኣኽ ዶኩመንት ዘሳልጡ ኤጀንሲ)። እዚ ናይ ውክልና ሰነድ ካብቲ ሃገር ናይ መረጋገጺ ድጋፍ ክወሃቦ ኣለዎ ነቲ ሬሳ ንክርኽቡ።
- ሬሳ ንምልኣኽ ካብቲ ሃገር ፍቓድ ምውጻእ (ብኻልእ ኣጸዋውዓ ናይ ሬሳ ፓስፖርት): እቲ ፍቓድ ዝሕትተሉ ድማ ናብቲ ዝሞቶሉን ዝተቐበረሉን ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ምስቲ ላሻ ፓሳረ ክለኣኽ ኣለዎ። እታ ትሓትት ሃገር ኣብቲ ስምምዕ ናይ በርሊን እትውቲ እንተዘይኮይና ካልእ ተወሳኺ ዶኩመንትታት ከድልዩ ይኽእሉ።[3]

ምምላስ ዘይከኣለሉ ኩነታት ከጋጥም ይኽእል፡ ንምንታይ ምስቲ ናይ ሃገሩ ምምሕድዳር ወይ ምስቶም ኣብ ደገ ዘለዉ ቆንስላት ምርኻብ ስለ ዘድሊ፡ እዚ ድማ እቲ መዋቲ ዑቕባ ሓታቲ ምስ ዝኸውን ኣብ ዓዲ ንዘለዉ ቤተሰብ ጸገም ከጋጥሞም ስለዝኽእል።

3. ስምምዕ ናይ በርሊን ዝፈረማ ሃገራት ናይ 10 የካቲት1937፡ ኣውስትርያ፣ በልጅም፣ኮንጎ፣ ግብጺ፣ ፈረንሳይ፣ ጀርመን፣ ጥልያን፣ ሜክሲኮ፣ ፖርቱጋል፣ ቸክ ሪፓብሊክ፣ ሮማንያ፣ ስሎቫኪያ፣ ስዊድንን ቱርክን።

- <u>ንመምለሲ ዝወሃብ መረጋገጺ ዶኩመንት</u>፡ በቶም ናይ ጥልያን ናይ ቀብሪ ስነ ስርዓት ዘሳልጡ ኤጀንሲ ዝጻሎ ኮይኑ፡ ክሳብ ኣብቲ ቤተሰቡ ዘለውዎ ወይ ኣብቲ ናይ ሃገሩ ኤርፖርት የብጽሕዎ (እንድሕር እቶም ቤተሰብ ክፉሎሞ ወይ ከምዝኸፍልዎ ተረጋጊጹ እቶም ኤጀንሲ ካብ ኤርፖርት ክሳብ ቦቱኡ የብጽሕዎ)።

ሬሳ ምስዳድ ብጣዕሚ ክቡር እዩ፥ እቲ ዝወጽእ ገንዘብ ድማ ብወገን ጥልያን ይኹን ዋላ እውን ብናይ ሃገሩ መንግስቲ እቲ ገንዘብ ንኽምለስ ብጣዕሚ ጸቢብ እዩ።

## ተቓውሞ ኣብ ባሕሪ ናይ ዝሞቱ ወይ ዝጠፍኡ ስደተኛታት ቤተሰብ

ደሃይ ቤተሰቦም ናይ ምፍላጥ መሰል ክሕለወሎም ዝስለፉን ዝቃለሱን ሰባት ኩሉ ግዜ ብዙሓት እዮም፥

### ኣብ ኣልጀርያ

ኣብ ኣናባ፥ ጥርኑፋት ናይ ሓራርጋ ቤተሰብ፡ ብ 2007 ን 2008 ኣብ ባሕሪ ምስጠፍኡ ደቆም ወለዲ ተኣኪቦም ሓደ ማሕበር ፈጢሮም። ዝተወሰኑ ካብ ዞም ወለዲ ከምዝብልዎ እታ ደቆም ዝነበርዋ ጃልባ ቅድሚ ምንቃላ ሓለውቲ ባሕሪ ሓይሊ ቱኒዝያ ተራእያ ይብሉ። ኣንጻር እዞም ብሓይሊ ወይ ብዘይ ድልየት ዘጥፍእዎም፥ሓደ ጠበቓ ኣብቶም ማሕበር ናይ ሕቡራት መንግስታት ብምኻድ ማሕበር ኣቅሚሞም፥ ሕጂ እውን እዚ ማሕበር ንስደተናታት ይውክል።

### ኣብ ቱኒዝያ

ካብ 2011 ብዙሓት ቤተሰብ ተቓውሞ ይገብሩ። ገሊኦም ነዞም ዝስዕቡ ማሕበራት መስሪቶም La terre pour tous e Mères des disparus. እዚ Forum tunisien pour les droits économiques et sociaux (FTDES) ዝተባህለ ማሕበር ካብቶም ቀዳሞት ዝተመስረቱ ኮይኑ ነዞም ቤተሰብ ዝሓገዘ እዩ። ናይዞም ዝጠፍኡ ሰባት ክንደይ ሙኳኖም ብምቑጻር ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ቱኒዝያን መንግስቲ ጥልያንን ሓቂ ናይ ኩነታቶም ንምፍላጥ ጸቕጢ ገሩ። እዚ ተቓውሞ ብዛዕባ እቶም ዝጠፍኡ ቱኒዛውያን ዝሓተተ ኮምሽን ብምቛም ኣብ ሕጊ ከምዝበጽሕ ገርዎ።

### ኣብ ሞሮኮ

ማሕበር Caminando Frontiera ቤተሰብ ናይ ስደተኛታት ናብ ሞሮኮ የብጽሕ፥ በዞም «Tarajal» ዝበሃሉ ዝሞቱ፡ ሓላፍነት ናይቶም ሲቪል ሓለውቲ ንምኽሳስን ፍርዲ ንምርካብ ንዝቃለስ ማሕበር ። ሓደ ዶኩሜንት ጸሒፎም ቀሪቦም ኣርእስቱ ድማ «ሓዘንካ ናብ ሕጊ ምቕያር» ኢሎሞ፥ እዚ ማለት እቲ ዘጋጠሞም ጸገም ናብ ሕጊ ቀሪብካ መፍትሒ ምርካብ ንማለት እዩ።[4]

### ኣብ ዓዲ ጥልያን

ብዙሓት ተንቀሳቐስቲ፡ ነቶም ሰቦም ዝጠፍእዎም ቤተሰብ ኣብ ምድላይን ተቓውሞ ንኽገብሩን ይሕግዝዎምን። ካብ 2015 ጀሚሩ «ንዎሾ ደሳፓረቺዶስ» ብዝብል ሽም ኣብ መወዳእታ ናይ ሰብዓታት ዝጀመረ ናይ ፕላዛ ዴማዮ ቃልሲ ናይ ኣርጀንቲና ኣዴታት ዝዝክር ሰልፊ ይካየድ። ነቶም ሽዑ ዝሞቱ ንምዝካር እቶም ሰልፈኛታት ካብ ቤተሰቦም ዝተረኽበ ስእልታት ሒዞም ሰልፎም የካይዱ። ንመጀመርያ ግዜ ዝተዳለወ ኣብ ሚላኖ ኮይኑ፥ ሎሚ እዚ ሰልፊ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ጥልያንን ኣብ ኤውሮፓን ይካየድ።

4. Caminando fronteras, Tarajal, transformar el dolor en justcia, 2016

ኣብ ባሕሪ ንዝጠፍ ኡን
ንዝሞቱን ንቤተሰብን ንዝሕግዞም
ማሕበራትን መምርሒ
ኣብ ዓዲ ጥልያንን ኣብ ማእከል ሜዲተራንያንን

# መራኸብታት

**ቀይሕ መስቀል፣ ፍርቂ ቀያሕ ወርሒ ወይ ዓለም ለኸዊ አባላት ቀይሕመስቀል**
መራኸቢ መስመራት ኣብ ሙሉእ ዓለም ኣለው :

familylinks.icrc.org

**ካሎኦት ማሕበራት**
ኣብዚ ግዜ እዚን ዝሕግዛ ማሕበራት፡ ብሕጊ ክማላእ ንዝግብኦ ነገራት ነቲ ቤተሰብ ብቐጥታ ክወፍያሉ ኣይክእላን። እዘን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ማሕብራት ምኽርታት ክህባ ይኽእላ፡ ብቐጥታ ግን ነቲ ጉዳይ ክከታተለኦ ኣይክእላን።

**ዓዲ ጥልያን**

ARCI
ካብ ዓዲ ጥልያን ነጻ ዝድወለሉ ቁጽሪ : 800 905 570
ካብ ወጻኢ : + 39 641 609 239
arci.it

**ቱኒዝያ**

FTDES
+ 216 71 257 664
contact@ftdes.net
forum.tdes@gmail.com
ftdes.net

La Terre pour tous
+ 216 622 157 103
association_laterrepourtout@yahoo.com

**ኣልጀርያ**

Le Collectif des familles de harraga (Annaba)
Kamel Belabed, ናይ ማሕበራት ወኪል :
+ 213 558 805 673
+ 213 661 570 220
photocompos@gmail.com
ኮውቸይላ ዘርጉይን, avvocato :
+ 213 790 204 412
+ 213 385 857 78
zerguine-kouceila@hotmail.fr

**ፍሉይ ናይ መንግስቲ በዓል ስልጣን ንዝጠፍኡ ሰባት**

**Commissario straordinario del Governo per e persone scomparse**
Via Cavour, 6
00185 Roma (RM) – Italia
+ 39 646 529 980 / 993
ufficiocommissario.personescomparse@interno.it
interno.gov.it/it/ministero/commissario-straordinario-governo-persone-scomparse

**ናይ ሪፓብሊክ ተወካሊ (Procura della Repubblica)**
እዛ ሊስታ ኣዕጋቢት ኣይኮነትን፡ እዘን ዝስዕባ ከተማታት እተን ቀንዲ ከተማታት ናይ ጥልያን፡ ጃልባታት ዝአትዋሉን ሓደጋ ዝገጥመንን እየን።

**ኣብ ሲቺልያ (Sicilia)**
መራኸቢ ናይ ኩለን ንሲቺልያ ዝውክላ :
http://giustizia.italia-mia.it/sicilia/procure-della-repubblica-sicilia.asp

**ኣግሪጀንቶ (Agrigento) (ኮላይ ንላምፔዱሳ ይሽፍን)**
Procura della Repubblica di Agrigento
Via Mazzini, 179
92100 Agrigento (AG) – Italia
+ 39 922 527 111
procura.agrigento@giustizia.it
procura.agrigento.giustizia.it

**ካታንያ (Catania)**
Procura della Repubblica presso il Tribunale di Catania
Piazza Giovanni Verga
95100 Catania (CT) – Italia
+ 39 95 366 111
procura.catania@giustizia.it
procuracatania.it

**ሜሲና (Messina)**
Procura della Repubblica presso il Tribunale di Messina
Piazza Maurolico, SN
98122 Messina (ME) – Italia
+ 39 90 77 661
procura.messina@giustizia.it
tribunale.messina.it

**ፓሌርሞ（Palermo）**
Procura della Repubblica presso
il Tribunale di Palermo
Piazza Vittorio Emanuele Orlando
90138 Palermo (PA) – Italia
+ 39 91 742 111
procura.palermo@giustizia.it
procura.palermo.giustizia.it

**ራጉዛ（Ragusa）（ኮላይ ንፖዛሎ ይሸፍን）**
Procura della Repubblica presso
il Tribunale di Ragusa
Via Natalelli
97100 Ragusa (RG) – Italia
+ 39 932 67 81 11
procura.ragusa@giustizia.it
procura.ragusa.giustizia.it

**ሲራኩዛ（Siracusa）**
Procura della Repubblica presso
il Tribunale di Siracusa
Viale S. Panagia
96100 Siracusa (SR) – Italia
+ 39 931 752 111
procura.siracusa@giustizia.it
procurasiracusa.it

**ትራፓኒ（Trapani）**
Procura della Repubblica presso il Tribunale di Trapani
Via XXX Gennaio
91010 Trapani (TP) – Italia
+ 39 923 802 111
procura.trapani@giustizia.it
procura.trapani.it

## አብ ፑልያ（Puglia）
**ታራንቶ（Taranto）**
Procura della Repubblica presso
il Tribunale di Taranto
Via Marche
74121 Taranto (TA) – Italia
+ 39 997 343 111
procura.taranto@giustizia.it
tribunale.taranto.giustizia.it



## አብ ካላብርያ（Calabria）
**ኮሴንሳ（Cosenza）**
Procura della Repubblica presso
il Tribunale di Cosenza
Piazza Gullo, s.n.c.
87100 Cosenza (CS) – Italia
+ 39 984 487 111
procura.cosenza@giustizia.it
procura.cosenza.giustizia.it

**ሬጆ ካላብርያ（Reggio Calabria）**
Procura della Repubblica presso
il Tribunale di Reggio Calabria
Via Sant'Anna – Palazzo CE.DIR
89128 Reggio Calabria (RC) – Italia
+ 39 965 85 71
procura.reggiocalabria@giustizia.it
procura.reggiocalabria.giustizia.it

**ክሮቶነ（Crotone）**
Procura della Repubblica presso
il Tribunale di Crotone
Piazza L. Calabresi – C.A.P.
88900 Crotone (KR) – Italia
+ 39 962 920 111
procura.crotone@giustizia.it
tribunale.crotone.it

# ሕጋዊ ሓበሬታ

### ከምኡ ድማ ካልኦት ፕሮቶኮላት መዝገባት ብዛዕባ ናይ 3 ን 11 ጥቅምቲ 2013 ከምኡ ድማ ናይ 18 ሚያዚያ 2015 ዝጠለቑ ንዝምልከት ከምኡ ድማ ካልኦት ፕሮቶኮላት

- ናይ ስምምዕ መዝገብ፡ ዓመት፡ 2004፡ 30 መስከረም (*Protocollo di intesa, anno 2014, 30 settembre*).
- ናይ ስምምዕ መዝገብ፡ ዓመት፡ 2015፡ 23 ሓምለ (*Protocollo di intesa, anno 2015, 23 luglio*).
- ናይ ስምምዕ መዝገብ፡ ዓመት 2015፡ 12 ሕዳር (*Protocollo di intesa, anno 2015, 12 novembre*).
- ናይ ስምምዕ መዝገብ፡ ዓመት፡ 2017፡ 24 ጥሪ (*Protocollo di intesa, anno 2017*, 24 gennaio*)*.
- ናይ ስምምዕ መዝገብ፡ ዓመት፡ 2017፡ 12 ሚያዝያ (*Protocollo di intesa, anno 2017*, 12 aprile*)*.

### ሰብ ከም ዝጠፍኡ ምምልካት

- ትእዛዝ ሕጊ 14 ሕዳር 2012 ቁጽሪ 203፡ ንዝጠፍኡ ሰባት ንምድላይ ዝወጸ ሕጊ (*Legge 14 novembre 2012, n. 203, Disposizioni per la ricerca delle persone scomparse*).

### ናይ ዝሞቱ መንነት ንምፍላጥ ዝግበር መጽናዕትን ኣሰራርሓን

- ሕጊ 28 ሓምለ 1989 ቁጽሪ 271፡ ኣጠቓቕማ ሕግን ምምሕድዳርን መሕለፊ ኮድ ቤት ፍርድን። (*Decreto legislativo 28 luglio 1989, n. 271, Norme di attuazione, di coordinamento e transitorie del codice di procedura penale*).
- ትእዛዝ ናይ 30 ሰኔ 1910 ቁጽሪ 1665፡ ኣብ ልዕሊ ሬሳ ንዝካየድ ምርመራ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ። (*Circolare del 30/06/1910, n. 1665, Regolamento sulle autopsie giudiziarie*).



- ሕጊ ናይ መስከረም 1990 ቁጽሪ 285፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ሙዉታት ዘጽንዑ ፖሊስ ዝጸደቀ ሕጊ። (*D.P.R 10 settembre 1990, n. 285. Approvazione del regolamento di polizia mortuaria*).
- ናይ ፍርዲ ኣጠቓቕማ ኮድ፡ ዓንቀጽ 347 – 357 (*Codice di procedura penale, articoli 347 – 357.*).

### መንበሪ ፍቓድ ንቤተሰብ

- ሕጊ ናይ 31 ነሃሰ 1999 ቁጽሪ 394 ዝነበረ ብሕጊ 18 ጥቅምቲ 2004 ቁጽሪ 334 (ዓንቀጽ 11) ኣብ ልዕሊ ወጻእተኛታት ተመሓይሹ ዝወጸ። (*Decreto 31 agosto 1999, n. 394 aggiornato con le modifiche apportate dal decreto 18 ottobre 2004, n. 334, in materia di immigrazione, art. 11*).

### ምቕባርን ሬሳ ምልኣኽን

- ብፕረዚደንት ናይ ሪፓብሊክ ዝጸደቐ ሕጊ ቁጽሪ 285/1990 (*D.P.R n. 285/1990*).
- ብፕረዚደንት ናይ ሪፓብሊክ ዝጸደቐ ሕጊ 3 ሕዳር 2000 ቁጽሪ 396፡ ሕጊ ንምጽራይን ንምቅላል ኣሰራርሓን ናይቲ ሰብ ብሕጊ ዓንቀጽ 2 ኮማ 12 ናይ 15 ጉምበት 1997 ቁጽሪ 127። (*D.P.R, 3 novembre 2000, n. 396, «Regolamento per la revisione e la semplificazione dell'ordinamento dello stato civile, a norma dell'art. 2, comma 12, della legge 15 maggio 1997, n. 127»*).

**ከም ናይ ሕቡራት መንግስታት ተቖጻጻሪ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት（UNHCR）ከም ዝብሎ ካብ 2014 ክሳብ ሕጂ ባሕሪ ሜዲተራንያን ሰጊሮም አውሮፖ ንምብጻሕ ካብ 12000 ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት ሂወቶም ጠፊኡ። ብ 2016 ጥራሕ ክሳብ 5022 ተቖጺሮም። ካብዚኦም ናይቶም ዝበዝሑ መንነቶምም ከይተፈልጠ ይተርፍ።**

እዚ ጸገምዚ ድማ ካብቲ ንስደተኛታት ዝወጽእ ሕጊ ፡ ንኤውሮፖ ከይአትዉ ስለ ዝእግድ ከይፈተዉ እቲ ሓደገኛ መንገዲ ክወስዱ ይግደዱ።

ዝኾነ ሰብ አብ ባሕሪ ክጠፍእ እንከሎ ኩሉ ግዜ አደ፣ አቦ፣ ወዲ ሓውቦ፣ ደቂ፣ አዝማድ ወይ አዕሩክ አለውዎ ይርከብዶ ይኸውን እንዳበሉ እዮም ብሃንቀውታ ደሃዩ ዝጽበዩ። ግልጺ፣ልክዕ ማዕረ ዝኾነ አሰራርሓ ምስዘይህሉ ነቶም ቤተሰብ ሓብሬታ ንምርካብ የጸግመሎም። ከምዚ ዝበለ ጸገም ንኤውሮፖውያን ምስ ዘጋጥም（ብተፈጥሮ ወይ ሰብ ብዝገብሮ ሓደጋ፡ ንምሳሌ ከም ፈንጂ）ብዘሎ መሳርሒ ከድሕኑን መንነት ናይ ዝሞቱ ክፈልጡን ይኻየዩ፡ ከምኡ ድማ ንቤተሰቦም ከፍልጥዎም ብመደብ ይሰርሑ። ንስደተኛታት ግን ነዚ ዝመስል አስራርሓ ፈጺሙ የለን።

ካብ ኤውሮፓ ዓዲ ጥልያን እያ እታ ቀዳመይቲ ሃገር መዝገብ ምሓዝ ዝጀመረት : ዋላ እኳ ናይ ዝተወሰኑ ሓደጋ ዘጋጠሞም ጥራሕ ኢንተኾነ።

እዚ ዶኩሜንት ናይ ቦትስ ፎር ፒፕል Boats 4 people ብዝብል በቲ ጥልያን አብ ሜዲተራንያን ንዝሞቱ ንትገብሮ ናይ መንነት ምልላይ አሰራርሓ ንቤተሰብን ነቶም ዝሕግዝዎምን ምድላይ ክጅምሩ መንገዲ ተትሕዝ።

www.boats4people.org
contact@boats4people.org

boats 4 people